ማሕበር ልምዓት ትግራይ ናውቲ ቢሮ (Furniture) ዝምልከቶም ትካላት ብፕሮፎርማ ብምውድዳር ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ሰነ 3, 2018 (ቅድሚ 5 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰነ 10, 2018 8:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰነ 11, 2018 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/

ምልክታ ፕሮፎርማ

ማሕበር ልምዓት ትግራይ ናውቲ ቢሮ (Furniture) ዝምልከቶም ትካላት ብፕሮፎርማ ብምውድዳር ክዕድግ ይደሊ። ዝለዝኾነ ድማ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ረቓሒታት እተማልኡን ዝምልከተኩም ተወዳደርቲ ንክትሳተፉ ይዕድም።

1. ናይ 2018 ዓ.ም በቲ ዘርፊ ስራሕ ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ፣

2. መለለዪ ንግዲ ፍቓድ (Tin Number) ምስ ንግዲ ፍቓድ ፎቶ ኮፒ፣

3. ቫት ተመዝጊብቲ ዝኾኑን ዝተመዝገብሉ መረዳእታ ናይ ወርሒ ግንቦት 2018 ዓ.ም ዲክላራስዮን ከቕርቡ ዝኽእሉ፣

4. ተኽታታሊ ቁፅሪ ዘለዎ ሕጋዊ ቅብሊት(ደረሰኝ)ከቕርቡ ዝኽእሉ፣

5. ካብ እስፐሲፍኬሽን ወፃኢ ስርዝ ድልዝ ኣይፍቀድን፣

6. እዚ ግልፂ ጨረታ ስዒርካ ምስተብሃለ ኣብ ውሽጢ 3 መዓልቲ እቲ ንብረት ብናይ ባዕሉ መጓዓዝያ ከቕርብ ዝኽእል። ኣብ ውሽጢ እቲ ዝተጠቐሰ ጊዜ ገደብ እንተዘይኣቕሪቡ ሰዓራይ ካብ ውድድር ወፃኢ ብምግባር ቤት ፅሕፈትና ካልእ መማረፂ ይጥቀም።

7. እቲ ዋጋ ክምላእ ከሎ ምስ ቫቱ ምኂኑን ዘይምኂኑን ብንፁር ክቕመጥ ኣለዎ። ብንፁር እንተዘይተፈሊጡ ምስ ቫቱ ከምዝተመልአ ተሓሳቢ ይግበር፡

3. ኣብቲ ሰነድ ፕሮፎርማ ሙሉእ ሽምን ማህተምን እቲ ትካል ክጥቀስ ይግባእ፣

9. ማ.ል.ት እዚ ፕሮፎርማ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፣

10. እዚ ፕሮፎርማ ዕለት 10/10/2018 ዓ.ም ሰዓት 8፡30 ተዓፅዩ ኣብቲ ዕለት ሰዓት 9:00 ኣብ ቤት ፅሕፈት ማ.ል.ት ቢሮ ቁፅሪ 410 ይኽፈት።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle